Schweizerische Eidgenossenschaft
Confédération suisse
Confederazione Svizzera
Confederaziun svizra

Swiss Confederation

ፈደራላዊ ጨንፈር ውሽጣዊ ጉዳያት EDI
**ፈደራላዊ ቤትጽሕፈት ጥዕና BAG**

**ሓድሽ ኮሮናቫይረስ/Coronavirus** ዝተሓደሰ ኣብ 17/4/2020

# ንብስና ብኸምዚ ክንከላኸል ንኽእል

## ሰነድ ጭብጥታት

ኣገዳሲ ሓበሬታ ብዛዕባ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ሕጋጋት ጽርየትን ኣገባብን

## እንታይ ክትገብሩ ትኽእሉ?

**ካብ ገዛ ኣይትውጽኡ:: ህይወት ኣድሕኑ::**



ነዞም **ዝስዕቡ ፍሉያት ኩነታት** እንተዘይኮይኑ ካብ ገዛ ኣይትውጽኡ:-

- ኣብ ገዛ ክትሰርሑ ስለ ዘይትኽእሉ ንስራሕ ክትከዱ ስለ ትግደዱ ኣስራሕቲ (ትካላት) ንሰራሕተኛታቶም ክከላኸሉሎም ይግደዱ እዮም
- ስፔዛ ክትገብሩ
- ናብ ሓኪም ክትከዱ
- ካልኦት ሰባት ክትሕግዙ

**ዕድሜኹም ልዕሊ 65 ድዩ? ወይስ ዝኾነ ሕዱር ሕማም ኣለኩም ድዩ?**
**ከምዚ ምስ ዝኸውን ካብ ገዛ ንኸይትወጹ ብጥብቂ ንላበወኩም!**
ብሓደ ፍሉይ ምኽንያት ጥራይ ውጹ: እዚ ኸአ ናብ ሓኪም ንኽትከዱ ማለት ኢዩ::

**ነቲ ሕጋጋት ጥዕናን ኣገባብን ቀጻሊ ሓልውዎ**



ርሕቀት ምሕላው.



ኣእዳው ብግቡእ ምሕጻብ



ብኢድካ ሰላም ዘይምብህሃል



ኣብ ፊጥ መበሊ ሶፍት ወይ ኣብ ምናት ምስዓልን ምህንጣስን



ብተሌፎን ከይሓበርካ ናብ ሓኪም ወይ ሕክምና (ቀዳማይ ርድኤት) ዘይምኻድ

Tigrinya, Tigrinya, Tigrino, ትግርኛ

# ብብዝሒ ዝሕተቱ ሕቶታትን መልስታትን ብዛዕባ ኮሮናቫይረስ

## ለበዳን ሓደጋን (ሪስክን)

ስዊዘርላንድ ኣብ ኣዝዩ ፍሉይን ኣሻቓልን ኩነታት ኢያ ትርከብ ዘላ። ለበዳ ብኮሮናቫይረስ ብቕልጡፍ ይውስኽ ኣሎ:: ቡዙሓት ሰባት ይሓሙ ኣለዉ:: ንሓደ ሓደ ሰባት እቲ ሕማም ቀሊል ኢዩ:: እንተኾነ ግን ንኻልኦት ሰባት ከማሓላልፉ ይኽእሉ:: ንገሊኦም ሰባት እቲ ሕማል ንህይወቶም ኣስጋኢ ይኸውን:: ልዑል ተኽእሎ ናይ ሕማም ዘለዎም ሰባት ውን ኣሉዉ:: እዞም ሰባት እቲ ሕማም ብኸቢድ ንኸጥቅዖም ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ::

<u>እዞም ናይ ጽርየትን ጥንቃቐን ሕጋጋት ስለምንታይ ክንድቲ ኣገደስቲ ኮይኖም፧</u>

ኮሮናቫይረስ ደቂሰባት ገና ናይ ምክልኻል ወሃዮ ዘይረኸቡሉ ሓድሽ ዓይነት ቫይረስ እዩ። ብዙሕ ዓይነታት ለበዳን ሕማምን ከስዕብ ይኽእል። ስለዚ ዝርግሐ ናይዚ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ብዝተኻእለ መጠን ክነጉድሎ ኣለና። ብሕልፊ እቶም ልዑል ናይ ሕማም ተኽእሎ ዘለዎም ሰባት ክሕለዉ ኣለዎም። እዞም ልዕሊ 65 ዕድመ ዝገበሩ ሰባት ከምኡ'ውን ሕማም ዝጸንሖም ሰባት እዮም፥

እቶም ሕማማት እዞም ዝስዕቡ ኢዮም:-

- ልዑል ጸቕጢ ደም፣
- ሽኮርያ፣
- ጸገም መትንታት ልቢ፣
- ሕዱር ናይ ምስትንፋስ ጸገማት:
- መንሽሮ ከምኡ'ውን
- ንስርዓተ ምክልኻል (ኢሙንሲስተም) ዘድክሙ ሕማማትን ፍወሳታትን።

ኩልና ነቶም ሕጋጋት እንተ ተኽቲልናዮም ነዞም ሰባት ብዝሓሸ ክንከላኸለሎም ንኽእል። እዚ ምስንገብር ብርቱዕ ሕማማት ዘለዎም ሰባት ኣብቶም ናይ ጥዕና ትካላት ቀጻሊ ጽቡቕ ሕክምና ንክረኽቡ ንሕግዝ። ምኽንያቱ ኣብ ሕክምና ኣብ ክፍሊ ሓደገኛ ኩነታት (ኢንተንሲቭ-ሽታስዮን) ዝርከቡ ክፍልታትን ናይ ትንፋስ መሳርሒታትን ውሱናት ኢዮም።

<u>እዚ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ብኸመይ ይመሓላለፍ፧</u>

እዚ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ብቐንዱ ብንነዊሕ ግዜን ብቐረባን ብዝግበር ርክብ ይመሓላለፍ:: ምስ ሓደ ዝሓመመ ሰብ ትሕቲ ክልተ ሜትሮ ርሕቀት እንተሎካ ክትልበድ ትኽእል።

እቲ ሕማም በዞም ዝስዕቡ ነገራት ይመሓላለፍ:-

- ብ**ንጣባት:-** ዝሓመመ ሰብ እንተ ሃንጢሱ ወይ እንተ ሲዒሉ እቶም ቫይረሳት ብቐጥታ ኣብ ልፋጭ ኣፍንጫ ኣፍ ወይ ኣዒንቲ ናይ ካልኦት ሰባት ክበጽሑ ይኽእሉ።
- ብ**ኢዳው**:- ብምስዓልን እንጥሸው ምባልን ዝመጹ ተላገብቲ ንጣባት ኣብ ኣእዳው ክህልዉ ይኽእሉ። ወይ ክአ ዝኾነ ቫይረስ ዘለዎ ነገር ምስንትንክፍ: ድሕሪኡ ንኣፍና፣ ንኣፍንጫና ወይ ኣዒንቲና እንተተንኪፍና እቶም ቫይረሳት ክለግቡና ይኽእሉ።

<u>መዓስ ኢኻ ንሰባት ክተልግበሎም ትኽእል፧</u>

ተዓዘቡ:- ብኮሮናቫይረስ ዝሓመመ ሰብ ንነዊሕ እዋን ንካልኦት ሰባት ክልግብ ይኽእል። እዚ ማለት:-
- **ሓደ መዓልቲ ቅድሚ** እቲ ምልክታት **ምጅማሩ** – ገና ሕማም ከምዝለገበካ ከይተረደኣካ ከሎ ማለት ኢዩ።
- **ኣብቲ ምልክታት ዘለካ እዋን ንኻልኦት ናይ ምልባድ ተኽእሎኻ ኣዚዩ ልዑል ኢዩ።**
- **ድሕሪ** ናይ ምሕዋይ ስምዒት **ክሳብ 48 ሰዓታት** ገና ንሰብ ክትልብድ ትኽእል። **ስለዚ ርሕቀት ገና ክትሕሉን ኣእዳውካ ቀጻሊ ብግቡእ ብሳምና ክትሕጸብን ይግበኣካ::**

**ኩሉ ሰብ ንኻልኦት ሕማም ክልግብ ከምዝኽእል ፈሊጡ ክኸይድ ኣለዎ!**
- ካብ ገዛ ኣይትውጽኡ
- ኣእዳውኩም ቀጻሊ ብጉቡእ ብሳምና ተሓጸቡ
- ካብ ገዛ ክትወጹ እንተኼንኩም:- ካብ ካልኦት ሰባት ናይ 2 ሜትሮ ርሕቀት ሓልዉ
- ካብ ጉጅለ ሰባት ረሓቑ ወይ ጉጅለ ኳንኩም ኣይትተኣከቡ
- ካብ 5 ሰብ ንላዕሊ ኣይትተኣከቡ
- ኣብ ንእሽተይ ጉጅለ ውን ኩልጊዜ ናይ 2 ሜትሮ ርሕቀት ሓልዉ
- ብተሌፎን ከይሓበርኩም ናብ ሓኪም ወይ ሕክምና (ቀዳማይ ርድኤት) ኣይትኺዱ

## ምልክታት: ውጽኢት መርመራን ሕክምናን

ኣብ ምሕማም በዚ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ኣየኖት ምልክታት ይርአዩ:-

እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ብብዝሒ ይርአዩ:-

- ሰዓል (መብዛሕትኡ ግዜ ደረቕ ሰዓል)
- ቃንዛ ጉሮሮ
- ሕጽረት እስትንፋስ
- ረስኒ: ስምዒት ናይ ረስኒ
- ቃንዛ ጨዋዳታት
- ናይ ምሽታትን ናይ ምስትምቓርን ክእለት ብሃንደበት ምጥፋእ

ስሕት ኢሉም እዞም ምልክታት ይርአዩ:-

- ሕማም ርእሲ
- ምልክታት ናይ ከብድን መዓናጡን ጸገማት
- ረኽሲ ናይ ኣዒንቲ (ኲልመት)
- ጸረርታ ናይ አፍንጫ

ኩሉ ዝሓመመ ሰብ ሓደ ዓይነት ምልክታት አይኮነን ዝርኢ።-ቀለልቲ ምልክታት ውን ከርአዩ ይኽእሉ እዮም። ካልኦት ጸገማት ውን ክፈጥሩ ይኽእሉ: ነአብነት ነድሪ ሳንቡእ።

ንኹሎም ምልክታት ዘርእዮ ሰባት ናይ ኮሮናቫይረስ መርመራ ይግበረሎም ማለት አይኮነን:: እንተድአ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ካብዞም አብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ብብዝሒ ዝርአዮ ምልክታት አለኩም ግን: ብኮሮናቫይረስ ሓሚምኩም ንኽትኮኑ ልዑል ተኽእሎ አሎ::

ሕማም ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ብኸመይ እዩ ዝሕከም፧

እቲ ሕክምና ኣብ ምህዳእ ወይ ምጉዳል ምልክታት ዝተደረተ ኢዩ። ንኻልኦት ሰባት ንምክልኻል ሕሙማት ይግለሉ።

ቡርትዕ ሕማም ምስዝህሉ ምብዛሕትኡ ግዜ ሕክምና አብ ክፍሊ ሓደገኛ ኩነታት (ኢንተንሲቭ-ሽታስዮን) ኣድላይ እዩ። ከከም ኩነታቱ ድማ ሓገዝ ምስትንፋስ የድሊ።

ምልክታት ምስዝህልወኒ እንታይ ክገብር አለኒ፧

እቲ ሓበሬታን ሕጋጋትን ብዛዕባ «ባዕልኻ ነብስኻ ምግላል» («Selbst-Isolation» ብቋንቋ ዶይች) አብዚ ዝስዕብ ወብሳይድ አንብብዎ። **https://www.bag.admin.ch/dam/bag/de/dokumente/cc/Kampagnen/covid-19/selbst-isolation/selbst-isolation-tigrinya.pdf.download.pdf/BAG_Selbst-Isolation_Tigrinya.pdf** (www.bag.admin.ch/neues-coronavirus / www.ofsp.admin.ch/nouveau-coronavirus / www.ufsp.admin.ch/nuouvo-coronavirus) ነዚ መምርሒታት ብቐጻሊ አተግብርዎ። . እዚ መምርሒታት ብዝተጻሓፎ ቋንቋታት ዘይርድአኩም እንተኾይኑ: ክገልጸልኩም ንዝኽእል ሰብ ተወከሱ::

አብ ነብስኹም ገለ ካብቶም ዝተጠቕሱ ምልክታት እንተ ተዓዚብኩም እዚ ዝስዕብ ነገራት ናይ ግድን ብቕልጡፍ ክተተግብሩ ይግብአኩም:-

- ካብ መደቀሲኹም አይትውጽኡ። ማዕጾ ናይ መደቀሲ ዕጸውዎ። ነቲ መደቀሲ መመሊስኩም ንፋስ አአትዉሉ።
- ምስ ካልኦት ሰባት ዝኾነ ርክብ አይትግበሩ።
- ንሕጋጋት ጽርየት ብግቡእ ሓልዉዎም።
- እቲ ምልክታት ምስ ገደፈኩም እንተወሓደ 48 ሰዓታት ካብ ገዛ አይትውጽኡ።
  ግን ካብቲ እቲ ምልክታት ምጅማሩ እዋን እንተወሓደ 10 መዓልቲ ሓሊፉ ክኸውን አለዎ።

**ዕድሜኹም ልዕሊ 65 እንተኾይኑ ወይ ሕዱር ሕማም ምስዝህልወኩም: ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ካብቶም ብብዝሒ ዝርአዮ ምልክታት አብ ነብስኹም ምስትዕዘቡ ቀልጢፍኩም ናብ ሓኪም ደውሉ። ቀዳም ይኹን ሰንበት ብዘየገድስ።**

**ዕድሜኹም ትሕቲ 65 እንተኾይኑ እሞ ሕዱር ሕማም ምስዘይህልወኩም:- ኩነታት ጥዕናኹም እናኸፍአ እንተኸይዱ ናብ ሓኪም ደውሉ።** ብፍላይ ናይ ምስትንፋስ ጸገም ምስዘጋጥመኩም::

ምስ ናይ ኮሮናቫይረስ ምልክታት ዘለዎ ሰብ ተራኺበ እንተኔረ ሕጂ እንታይ ክገብር አለኒ፧

እዚ ዝስዕብ መርምር:-

1) **ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ካብቶም ብብዝሒ ዝርአዮ** ናይ ኮሮናቫይረስ ምልክታት ምስዘለዎ ሰብ ብሓንሳብ ትቕመጥ ዲኻ፧
2) ወይ ምስ ሓደ ሰብ ቀረባ ርክብ (ከም ምሕቋፍ ወይ ምስዓም) ድሕሪ ምግባርካ: እቲ ሰብ አብ ውሽጢ 24 ሰዓታት **ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ካብቶም ብብዝሒ ዝርአዮ** ናይ ኮሮናቫይረስ ምልክታት አርኢዩ ድዩ፧

ሕቶ 1) ወይ 2) እወ ኢልካ መሊስካዮ ዲኻ? ከምኡ ምስዝኸውን በቲ ቫይረስ ተለኺፍካ ትኸውን ኢኻ። ሕጂ እቲ አገዳሲ ንኻልእ ሰብ ንኸይትልብድ ኢዩ።

እቲ ሓበሬታን ሕጋጋትን ብዛዕባ «ባዕልኻ ነብስኻ ምውሻብ» («Selbst-Quarantäne» ብቋንቋ ዶይች) አብዚ ዝስዕብ ወብሳይድ አንብብዎ። **https://www.bag.admin.ch/dam/bag/de/dokumente/cc/Kampagnen/covid-19/selbst-quarantaene/selbst-quarantaene-tigrinya.pdf.download.pdf/BAG_Selbst-Quarantaene_Tigrinya.pdf** (www.bag.admin.ch/neues-coronavirus / www.ofsp.admin.ch/nouveau-coronavirus / www.ufsp.admin.ch/nuouvo-coronavirus) ነዚ መምርሒታት ብቐጻሊ አተግብርዎ። . እዚ መምርሒታት ብዝተጻሓፎ ቋንቋታት ዘይርድአኩም እንተኾይኑ: ክገልጸልኩም ንዝኽእል ሰብ ተወከሱ::

እዚኦም ዝስዕቡ መምርሒታት ናይ ግድን ክትግበሩ አለዎም:-

- ን10 መዓልቲ ካብ ገዛ አይትውጻእ።
- ምስ ካልኦት ሰባት ዝኾነ ርክብ አይትግበር: ብዘይካ ምስቶም ምስኻ ዝቕመጡ ሰባትን ወይ ምሳኻ ተወሺቦም ዘለዉ ሰባትን።
- አድላይ ዝኾነ ነገራት ብስድራቤት ወይ ብመሓዙትካ ከምዝመጸካ ግበር።
- ሕጋጋት ጽርየት ብግቡእ ሓልዎም።

አብዚ ግዜ እንትድአ አብ ነብስኻ ምልክታት ናይ ኮሮናቫይረስ ተዓዚብካ: እቶም አብ ላዕሊ "ምልክታት ምስዝህልወኒ እንታይ ክገብር አለኒ፧" አብ ዝብል አርእስቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ሓበሬታታትን ምኽርታትን አተግብሮም።

**ምስ ኮሮናባይረስ ዘይተአሳሰሩ ጸገማት: ናይ ሕማም ስምዒት ወይ ምልክታት አለውኹም ድዮም፧**

ምስ ኮሮናቫይረስ ዘይተአሳሰሩ ናይ ጥዕና ጸገማት: ሕማማትን ምልክታትን: አድህቦን ሕክምናን ግድን የድልዮም ኢዩ። ግዚ ከየጥፋእኩም ቀልጢፍኩም ሓገዝ ድለዩ። ናብ ሓኪም ደውሉ።

# ተወሳኺ ሓበሬታታት

<u>ካብ 5 ሰብ ንላዕሊ ምእካብ ኩልኩል እዩ</u>

ፈደራላዊ መንግስቲ ስዊዘርላንድ ብ20 መጋቢት አብ ህዝባዊ ቦታታት ካብ 5 ሰባት ንላዕሊ ምእካብ ከልኪሉ። ህዝባዊ ቦታታት ክብሃል ከሎ መዛወሪ ቦታታት: ፓርከታትን ተመሳሳልን ማለት'ዩ። ምስ ካልኦት ሰባት እንተድአ ተራኺብካ: ልዕሊ 2 ሜትሮ ርሕቀት ክትሕሉ አለካ። እንተድአ ርሕቀትካ ዘይሓሊኻ መቕጻዕቲ ከስዕበልካ ይኽእል። እዚ ዝስዕብ መምርሒ ዕድመ ብዘየገድስ ንኹሉ ሰብ ዝምልከት ኢዩ:- ንነብስኻ ተኻላኸል ንኻልኦት ሰባት ድማ አይትለብድ።

<u>ምስ መሓዙተይ ክራኸብ ይኽእል ዶ፧</u>

**ብሓፈሽኡ ካብ ገዛ አይትውጻእ።** ብፍላይ ዝሓመሙ ወይ ዕድሚኦም ልዕሊ 65 ዝኾኑ ሰባት ንፍሉይ ኩነታት ጥራይ ኢዮም ካብ ገዝኦም ክወጹ ዘለዎም።.

**አብ ህዝባዊ ቦታታት ካብ 5 ሰባት ንላዕሊ ምእካብ ክልኩል ኢዩ።** **እዚ ሕጋጋት ንዓቢ ስድራቤትን ንብሓንሳብ ዝቕመጡ ሰባትን እውን ይምልከት ኢዩ። ነዚ አገባብ እንተዘየተግቢርኩም ፖሊስ ክቐጽዓኩም ይኽእል።** ዋላወን ሓሙሽተ ወይ ካብ ሓሙሽተ ንታሕቲ ሰባት እንተተራኺቦም እንተወሓደ ናይ 2 ሜትሮ ርሕቀት ክሕልዉ ይግብኦም። ግን አደ ንውላዳ ብኢዱ ክትሕዞ ወይ ሰብአይ ንምኻድ ዝተጸገመት ሰበይቱ ክድግፋ ቅቡል ኢዩ።

ማሕበራዊ ርክባትኩም አዚኹም አውሕድዎ። እዚ ማለት ነአብነት

- ምስ መሳርሕትኻ ድሕሪ ስራሕ ተራኺብካ ዘይምስታይ
- ናይ ግሊ ፌስታ ዘይምግባር
- ምስ መሓዙትካ ኩዕሶ ዘይምጽዋት
- ንዓመት ቆልዓ ሰብ ዘይምዕዳም

ካብ ሓሙሽተ ሰባት ንላዕሊ ኳንኩም አይትራኸቡ። አንተወሓደ ናይ 2 ሜትሮ ርሕቀት ግድነት ሓልዉ። ሕጋጋት ጽርየትን አገባብን አተግብሩ።

<u>አብ ሕክምና ቋንቋይ ዘይዛረቡ ወይ ዘይርድኡ እንተኾይኖም እንታይ ክገብር ይኽእል፧</u>

ካብ መጀመርታ አትሒዝኩም ተራጓማይ ወይ ተርጓሚት ክግበረልኩም ሕተቱ:: ብተሌፎን ውን ናይ ምትርጓም አገልግሎት አሎ:: ሞያውያን ተርጎምቲ ክጽውዑ እንተኾይኖም: ንቤተሰብኩም ንኽትርጉምልኩም ናብ ሕክምና ሒዝኩሞም አይትምጽኡ። ብኸምዚ ካብ ለበዳ ክድሕኑ ይኽእሉ:: አብ መስርሕ ሕክምና ንኽርድአኩምን ንኻልኦት ከተረድኡን መሰል አለኩም። ንሰራሕተኛታት ሕክምና ክፍሊት ናይ ቶርጎምቲ ብመድሕን ጥዕና (ክራንከንካሰ) ክኽፈል ምኺኑ ሓብርዎም።

አብ ገዛ ክትጸንሕ ትግደድ አለኻ ዲኻ፧ አስፔዛ ወይ መድሃኒት የድልየካ ድዩ፧
ንኻልኦት ክትሕግዝ ትደሊ ዶ፧

አብ ከባቢኻ ተዓዘብ ወይ ርአይ:-

- ሓገዝ ክገብሩልካ ዝኽእሉ ሰባት ክትሓትት ትኽእል ዶ፧
- ወይ ንኻልኦት ሰባት ሓገዝካ ከተበርክት ትኽእል ዶ፧

ካልኦት ተኽእሎታት:-

- ንምምሕዳር ናይ ገማይንደ ወይ ንከተማዊ ምምሕዳር ተወከስ
- «Five up» ዝብል አፕ ተጠቀም
- አብዚ ወብሳይት ርአይ http://www.hilf-jetzt.ch / http://www.aide-maintenant.ch/

አብዚውን ሕጋታት ጽርየትን አገባብን ኩልግዜ ክትግበሩ አለዎም።

## ቆልዑ አለውኹም ድዮም፧

ቆልዑ ብአቦሓጎኦም ወይ ዓባዮም ወይ ካልኦት ልዑል ተኽእሎ ናይ ሕማም ዘለዎም ሰባት ክእለዩ የብሎምን። **ካብ ሓሙሽተ ቆልዑ ንላዕሊ** ብሓንሳብ ኮይኖም ክይጻወቱ ተኻታተልዎም። እቶም ዝጻወቱ ቆልዑ እቶም ኩልጊዜ ብሓንሳብ ዝጻወቱ ጥራይ ክኾኑ አለዎም። እቶም ቆልዑ ክጻወቱ ከለዉ እቶም ዓበይቲ ብጉጅለ ክራኸቡ የብሎምን።

## ትሻቐሉ ዲኹም ወይ ምስ ዝኾነ ሰብ ምዝራብ ይድልየኩም ድዩ፧

አብዚ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ:-

- አብ ኢንተርነት www.dureschnufe.ch / www.santepsy.ch / www.salutepsi.ch
- አግልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ብቑጽሪ 143 (Die Dargebotene Hand)

## አብ ገዛ አብ ሓድጋ ዘለኹም ኮይኑ ይስምዓኩም ድዩ፧ ሓገዝ ወይ ምክልኻል ትደልዩ ዲኹም፧

- አብ www.opferhilfe-schweiz.ch / www.aide-aux-victimes.ch / www.aiuto-alle-vittime.ch ቁጽሪ ተሌፎንን ኢመይል አድራሻን ናይ አብ ሙሉእ ስዊዝ ዝርከቡ ሽም ብዘይምጥቃስ ዘማኽሩ ታካላት ክትረኽቡ ትኽእሉ።
- አብ **ህጹጽ እዋን** ብቑጽሪ **117** ናብ ፖሊስ ደውሉ።

ተወሰኽቲ አገደስቲ ቁጽሪ ተሌፎናት

- ቁጽሪ አምቡላንስ **144: እዚ ቑጽሪ** አብ ሙሉእ ስዊዘርላንድ ንኹሉ **ሁጹጽ** ሕክምናዊ ጉዳያት ለይትን መዓልትን ይሰርሕ።
- **መስመር ሓበሬታ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ:** ብቑጽሪ ተሌፎን **058 463 00 00** ንሓድሽ ኮሮናቫይረስ ዝምልከቱ ሕቶታት ይምለሱ።
- **ናይ ገዛ ሓኪም እንተዘይብልኩም: Medgate** ዝብሃል ትካል ብቑጽሪ ተሌፎን 0844 0844 911 24 ሰዓት: 7 መዓልትን 365 መዓልታት አብ ዓመትን አግለግሎት ይህብ።

**አብ ስራሕ ነብስና ብኸምዚ ንከላኸል**

ህይወት ስዊዘርላንድ ክቕጽል አለዎ። እቲ ዝኽእል አብ ገዛ ኾይኑ ይስራሕ። እንተድአ አብ ህንጻ ወይ አብ ሸቐጥ ወይ አብ አፍረይቲ ትካላት ትሰርሑ ኬንኩም ሕጋጋት ጽርየትን አገባብን አኽብሩ። አስራሕቲ ውን ነቲ ናይ መንግስቲ ሕጋጋት ጽርየት ንኽሕልውዎ ይግደዱ አዮም። ንውሕስነት ሰራሕተኛታት ዘድሊ ትካላውን ተክኒካውን ስጉምትታት ክወስዱን ከተግብሩን ይግብአም። ነዚ ዘየተግብራ ወይ ከተግብራ ዓቕሚ ዘይብለን ትካላት ክዕጸዋ ይኽእላ እየን።

**ህይወት ሃገርና ንኽቕጽል ትገብሩ ስለዘለኹም ነመስግን።**

## እዚ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ እንታይ እዩ፧
## SARS-CoV-2 እንታይ እዩ COVID-19 ኸ እንታይ እዩ፧

እዚ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ኣብ መወዳእታ 2019 ኣብ ቻይና ብሰንኪ ዘይንቡር ብዝሒ ነድሪ ሳንቡእ ኣብታ ኣብ ማእከል ቻይና ትርከብ ከተማ ዉሃን ተረኺቡ። እቲ ቫይረስ SARS-CoV-2 ዝብሃል ሽም ተዋሂብዎ:: እዚ ቫይረስ ምስቶም ዓሌት ጀርምታት ናይ «Middle-East Respiratory Syndrome» MERS ከምኡ'ውን ጀርምታት ናይ «ከቢድ እዋናዊ ናይ ምስትንፋስ ምልክት» SARS ሓደ ኢዩ።

ውድብ ጥዕና ዓለም (WHO) ነዚ ብሰንኪ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ዝመጸ ሕማም ብ 11 የካቲት 2020 ብእሕጽሮተቓል COVID-19 ዝብል ወግዓዊ ስም ሂቡዎ: እዚ «coronavirus disease 2019» ማለት ኢዩ። ወይ ብጾይች «Coronavirus-Krankheit 2019».።

ሕጂ ዘለው ሓበሬታታት ከምዘነጽርዎ እቲ ቫይረስ ካብ እንስሳታት ናብ ሰባት ከም እተመሓለፈ ሕጂ ድማ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ከምዝመሓላለፍ ዘሎ የፍልጡ። ከባብያዊ መበቈሉ ካብዚ ሰብ መዚ ቻይና ዓጽዮሞ ዘለዉ ዕዳጋ ዓሳን እንስሳታትን ከተማ ዉሃን ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

**Weitere Informationen:** [www.bag-coronavirus.ch](http://www.bag-coronavirus.ch)

[www.bag.admin.ch/neues-coronavirus](http://www.bag.admin.ch/neues-coronavirus)

(ብቋንቋታት ጀርመን፣ ፍረንሳይ፣ ጥልያን፣) እንግሊዝ)

Schweizerische Eidgenossenschaft
Confédération suisse
Confederazione Svizzera
Confederaziun svizra

Swiss Confederation

**Bundesamt für Gesundheit BAG**
**Office fédéral de la santé publique OFSP**
**Ufficio federale della sanità pubblica UFSP**
**Federal Office of Public Health FOPH**